መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# እቲ ፍቑር ውሉድ፡ ባርያ ኮይኑ



ጸሓፊ :- Edward Hughes
ገላጺ :- Byron Unger; Lazarus; Alastair P.
ኣወሃሃዲ፣ M. Kerr; Sarah S.
ትርጉም ፥ Daniel Efrem
ኣባዛሒ:- Bible for Children

www.M1914.org

BFC
PO Box 3
Winnipeg, MB R3C 2G1
Canada

©2020 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ኢሳቅ ብጣዕሚ ሕጉስ እዩ ነይሩ። ያቆብ ድማ ኣብ ቤት ተቀሚጡ ነበረ።ኤሳው ውን ሓደ ግዜ እኳ ንያቆብ ክቀትሎ ሓሰቡ እንተ ነበረ፡ ሕጂ ግን ደስ ኢልዎ እዩ ተቀቢልዎ። ደቂ ያቆብ ግን ብሓዎም ዮሴፍ ሕጉሳት ኣይነበሩን፡ እቲ ምኽንያት ከኣ ኣቦኦም ንዮሴፍ ብፍሉይ ይፈትዎ ምንባሩ እዩ።



ኣሕዋት ዮሴፍ፡ ሕልሙ ምስ ነገሮም ብጣዕሚ እዮም ሓሪቆም። " ናተይ እንዳእቲ ካብ ኩሉ እንዳእቲ ንላዕሊ፡ ነዊሕ ነበረ። ናትኩም እንዳእቲ ድማ ነቲ ናተይ እንዳእቲ ሰገደሉ" ኢሉ ዮሴፍ ሕልሙ ነገሮም፡፡ እዚ ሕልሚ ዮሴፍ ካብ ኩሎም ኣሕዋቱ ንላዕሊ ክቡር

ክኸውን እዩ ማለት እዩ፡፡



ኣብ ካልኣይ ሕልሚ ናይ ዮሴፍ፡
ጽሓይ፡ ወርሕን ከዋኽብትን
ክሰግድሉ ከለዉ እዩ ርእዩ።
ምስነገሮም ኣብኡ ያቆብ እኳ፥
በዚ ሕልሚ ሕጉስ ኣይነበረን።
ምኽንያቱ ዮሴፍ ካብ ወለዱ
ንላዕሊ ክቡር ክኸውን ኢዩ
ማለት እዩ፡፡



ሓደ ግዜ ያቆብ፡ ናብ'ቲ ኣሕዋቱ ኣባጊዖም ዝጓሰይሉ ቦታ ንዮሴፍ ሰደዶ። ናብኣቶም ገጹ ክመጽእ ምስ ረኣይዎ ከኣ፡ "ንዑ ነዚ ሓላሚ ንቕተሎ" ኢሎም ተማኸሩ። ዮሴፍ ግን ኣሕዋቱ ዝሓሰብሉ ክፉእ ሓሳብ ኣይፈለጠን።



ሮቤል፥ እቲ ዓቢ ሓዎም ግን ምስ ሓሳቦም ኣይተሰማማምዐን፡ "ደም ከነፍስስ የብልናን" ድማ በሎም። "ርኣዩ!፡ ኣብዚ ጉድጓድ ኣሎ።ኣብዚ ንደርብዮ" እሞ፡ ኣብኡ ይሙት!"፡በሎም ምስ መሰየ ካብቲ ጉድጓድ ከውጽኦ እናሓሰበ፡፡



ዮሴፍ እቲ ዝኮነ
ከይፈለጠ ናብ
ኣሕዋቱ ምስ መጸ ከኣ
ሒዞም፡ ነታ ጽብቐቲ
ኣብኡ ብፍሉይ ንዕኡ
ኢሉ ዘስርሓሉ ጁባ
ቀንጠጥዎ። ብድሕሪኡ
ከኣ ናብ ኣዝዩ ክፉእ
ጉድጓድ ደርበይዎ፡፡



ሮቤል ኣብ ዘይነበረሉ እዋን ድማ፡ ናብ ግብጺ ዝኸዱ ነጋዶ ምስ
ኣግማሎም በቲ ቦታ ይሓልፉ ነበሩ። ይሁዳ
ሓዎም ድማ ክሓልፉ ምስ ርእዮም፡
"ንዑ ንዮሴፍ ንሸጦ" በሎም። ምስቶም
ነጋዶ ንምሻጡ፡ ዋጋ ተሰማምዑ።
ንዮሴፍ ከኣ ብዕስራ ብሩር ሸጥዎ።





ዮሴፍ፡ ዝረድኦ ዘይብሉ፡ ካብ ዝፈትዎም ስድራቤቱን ዓዱን ርሒቁ ናብ ዘይፈልጦ ቦታ ይኸይድ ብምንባሩ ፈሪሑ ፡ ይበኪ ነበረ።





"እዚ ናይ ዮሴፍ ጁባ ድዩ?
ብደም ዝተባላሸወ እዩ። ኣብ
በረኻ ኢና ረኺብናዮ" እቶም
ጨካናት ኣሕዋት፡ ዮሴፍ ኣብ
በርኻ ኣራዊት በሊዕዎ ኢሉ
ንክኣምን ንያቆብ ዝበለዎ እዩ።
ያቆብ ዮሴፍ ሞይቱ ኢሉ ክዳኑ
ቀደደ ብዙሕ ውን በኸየ።
ብድሕርዚ ያቆብ ዋላሓደ
ከጸናንዖ ኣይከኣለን።



ኣብ ግብጺ፡ ዮሴፍ በይኑ ብም኿ኑ ፈሪሑ ነበረ። ግን ናብ ገዝኡ ክምለስ ኣይክእልን እዩ። ንሱ ኣብ እንዳ ጾጢፋር እቲ ክቡር ሓላፊ እዩ ባርያ ኮይኑ፡፡ ጾጢፋር ዮሴፍ ትጉህ ኣብ ስርሑ ድማ እሙን ም኿ኑ ይርእዮ ነበረ።

ሓደ ግዜ'ዩ "ንስኻ ዝሰራሕካዮ፡ ኩሉ ጽቡቅ እዩ ዝኸውን" በሎ ጶጢፋር ንዮሴፍ።"ኣምላኽ ምሳኻ እዩ! ፡ ስለዚ ኣብ ኩሉ ቤተይ ንስካ ዝለዓልካ ኣዛዚኢን ሓለቃ ናይ ኩሎም ባራዩን ክትከውን ኢካ" በሎ።



ኣምላኽ ድማ ዮሴፍ ኣብኡ ብምህላዉ ፡ ንቤት ጰጢፋር ባረኻ፡ ብዙሕ እቶት ድማ ሓፈሱ፡፡በዚ ድማ ዮሴፍ እሙን ኮይኑ ንጎይትኡ ጰጢፋር የገልግሎ ነበረ።ሓደ መዓልቲ ግን ንዮሴፍ ፈተና መጾ።



ሰበይቲ ጰጢፋር ተንኮለኛ እያ ነይራ። ንሳ ዮሴፍ ኣብ ሰብኣያ ጰጢፋር ክፉእ ክገብር እያ ኣዚዛቶ። ዮሴፍ ግን ንሓሳባ ኣይተቀበሎን። ንጰጢፋር በዲለ፡ ኣብ ኣምላኽ ሓጢኣት ኣይሰርሕን እየ ድማ በለ። ሰይቲ ጰጢፋር

ብሓይሊ ክትብሎ ምስ ሓሰበት

ከኣ፡ ዮሴፍ ሃደመ፡፡

ንሳ ግን ነቲ ለቢስዎ

ዝነበረ ጁባ ሓዚቶ፡፡



"እቲ ባርያኻ ከፉእ ገበረኒ!" ሰይቲ ጶጢፋር ኣጉረምረመት።"ርእ!
ጁባኡ እንሆለ" በለት ወሲኻ። ጶጢፋር እዚ ምስ ሰምዐ ተቖጥዐ። ምናልባት
ሰበይቱ ትሕስዎ ከምዘላ ይርድኦ ነይሩ፡ ግን ገለ ነገር
ክገብር ኣለዎ። እንታይ ኮን ይገብር ይኸውን!?



ጶጢፋር ንዮሴፍ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተዎ። ሽሕእኳ ንጹህ እንተነበረ፡ ዮሴፍ ግን በዚ ኣይሓረቀን። ካብቲ ዝሓለፎ ኩነታት፡ ዮሴፍ ፡ ኣብ ዝሃለወ ኩነታት ይሃሉ ንኣምላኽ እንተ ኣኽቢርዎ ኣምላኽ ውን ከምዘኽብሮ ተረዲዎ ነበረ።

ዋላ ኣብ ቤት ማእሰርቲ!



እቲ ፍቁር ውሉድ፡ ባርያ ኮይኑ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዘፍጥረት 37፡ ዘፍጥረት 39

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና
ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና
ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና
ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣
እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም
ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን
ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ
ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም
ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን
ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ
ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ
ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3።16